# ሓዲሽ ዝዓይነቱ ቫይረስ ኮሮና SARS-CoV-2

## ሓበሬታ ብዛዕባ SARS-CoV-2

ካብ መጀመርታ ወርሒ ታሕሳስ 2019 ኣትሒዙ ካብ ቩሃን፣ ዋና ከተማ ማእከላይ ቻይና ኣውራጃ ሁባይ ተላዒሉ፣ ቁጽሩ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ፣ መበገሲኡ ሓድሽ ዝዓይነቱ ቫይረስ ኮሮና (SARS-CoV-2) ዝኾነ ሕማም ሳንቡእን ትንፋስን፣ እቲ ዝበዝሐ ቁጽሪ ኣብ ቻይና፣ ይርከብ ኣሎ።

<u>እዚ ሕማም ካብ ሰብ ናብ ሰብ፣ ብቐዳምነት ብናይ ትንፋስ ፈሳሲ፣ ዝመሓላለፍ ተላጋቢ ሕማም እዩ።</u>

ድሕሪ እቲ ክሳብ 14 መዓልታት ዝኸውን ዝወስድ እዋን ፈልፈል እዘን ዝስዕባ ምልክታት ሕማም ክረኣያ ይኽእላ:

**ረስኒ፣ ሰዓል፣ ሕጽረት ትንፋስ**

## ካብ እቲ ብሕማም COVID-19 ተወሪሩ ዘሎ ከባቢ ተጓዒዝኩም ድሕሪ ምምጻእኩም

**ድሕሪ <u>ምምጻእኩም</u> ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ረስኒ፣ ሰዓል ወይ ሕጽረት ትንፋስ ምስ ዘጋጥመኩም**

- ኣድላዪ ዘይኮነ ርክብ ኣወግዱ፣
- ብዝተኻእለኩም መጠን ካብ ገዛ ኣትውጽኡ፣
- ክትስዕሉን ሕንጥሾ ክትብሉን ከለኹም ካብ ካልኦት ሰባት ርሕቕ በሉ ከምኡውን ንኻልእ ወገን ተጠወዩ፤ ኢድኩም ዓጺፍኩም ንኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ሸፍኑ ወይ ድማ ወረቐት መንዲል ተጠቀሙ፣ ቀልጢፍኩም ድማ ደርብይዎ (ስርዓት ምስዓልን ሕንጥሾን)፣
- ቀጻሊ ብማይን ሳምናን ጌርኩም ነእዳውኩም ኣጽሪኹም ተሓጸቡ፣ ንዓይንኹም፣ ኣፍንጫኹም ኣፍኩምን ካብ ምትንካፍ ተቖጠቡ (ጽርየት ኢድ)፣
- ብዛዕባ እቲ ተጓዒዝኩሞ ዝነበርኩሞ ሓቢርኩም፣ ብተሌፎን ንሓደ ሓኪም ኣፍልጡ።

# ካብ ሓደ ብሮበርት ኮኽ ኢንስቲቱት
# ዝተረጋገጸ ሓደገኛ ከባቢ ዝመጸኹም እንተዀንኩም
# (ምናዳ ክብ ዝበለ ቁጽሪ ሕማም ዘጋጠመ)

**ኣብዘን ዝሓለፋ 14 መዓልታት ኣብ ሓደ ሓደገኛ ከባቢ ዝነበርኩም እንተዀንኩም፣ ምልክት ሕማም ይሃሉ ወይ ኣይሃሉ**

- ኣድላዪ ዘይኮነ ርክብ ኣወግዱ፣
- ብዝተኻእለኩም መጠን ካብ ገዛ ኣትውጽኡ።

**ብርቱዕ ዝኾነ ምልክት ሕማም ትንፋስ ምስ ሚዛኑ ብዘየገድስ ረስኒ ወይ ብዘይ ረስኒ**

- ነቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ብዛዕባ ናይ ኢድ ጽርየትን ስርዓት ምስዓልን ሕንጥሾን ዝገልጽ ተኸተሉ
- ብዛዕባ እቲ ተጓዒዝኩሞ ዝነበርኩሞ ሓቢርኩም፣ ብተሌፎን ንሓደ ሓኪም ኣፍልጡ።

## ቀጻሊ ጉዕዞ ትሐዱ እንተዀንኩም

- ነቲ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስቴር ዝሀቦ ናይ ጉዕዞ ሓበሬታ ኣስተውዕሉ።